# ብዘይ ዓመጽ ምንባር ኣብ ሳርላንድ ።

## ደቀንስትዮ ንኸይዕመጻ ምሕጋዝ ።

ኣብ ጀርመን ደቀንስትዮ ማዕረ ደቂ ተባዕትዮ መሰል ኣለወን ።

ማንም ሰብ ኣብ ልዕሊ ጓለንስተይቲ  ክውስን ኣይክእልን እዩ ። እዚ ኣብ ጀርመን ንዝነብሩ ኩሎም ብሓባር ይምልከቶም።

ነፍሲ ወከፍ ሰብ ካብ ዓመጽ ነጻ ኮይንካ ናይ ምንባር መሰል ኣለዎ ፣ ዝኾነት ጓለንስተይቲ ንዓመጽ ክትቕበሎ የብላን ! እዚ ኣብ ቃል ኪዳንን ስድራ ቤትን ውን ንዓመጽ ክትቕበሎ የብላን ።



- ዝኾነት ጓለንስተይቲ ክትህረም የብላን ።
- ዝኾነት ጓለንስተይቲ ንጾታዊ ርክብ ክትግደድ የብላን።
- ዝኾነት ጓለንስተይቲ ንኣመንዝራነት ክትግደድ የብላን ።
- ንሓንቲ ጓለንስተይቲ ንመርዓ ምግዳድ ክልኩል እዩ ።
- ንኣዋልድን ኣንስትን. ምኽንሻብ ኣብ ሃገር ጀርመን ብሕጊ ክልኩል እዩ ።
- ማንም ሰብ ንሓንቲ ጓለንስተይቲ ከፈራርሓን ኣብ ገዛ ክዓጽዋን ኣይክእልን እዩ ።

ኣብ ጀርመን ከምኡ ዝገበረ ድማ  ብሕጊ ይቕጻዕ ።

ጎነጽ ወይ ዓመጽ ምስ ዘጓንፈኪ፣ ኣብ ዝኾነ ሰዓታት ፣ ቀትሪ ይኹን ለይቲ ናብ ፖሊስ  ወይ ድማ ኣብ ናይ ሓገዝ ተሌፎን ክትድውሊ ኣለኪ ። እቲ ተሌፎን ብነጻ እዩ ።

**ናይ ሓገዝ ተሌፎን ኣንጻር ዓመጽ ኣብ ደቀንስትዮ**
**08000 116 016**
እዚ ናይ ሓገዝ ተሌፎን ዓመጽ ንዘጓነፈን ደቀንስትዮ ካብ ክፍሊት ነጻ ኮይኑ ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ምኽሪ ዝህብ እዩ።

**ናይ ሓገዝ ተሌፎን  ኣብ ጸገም ንዝወደቓ ነፍሰ ጾራት**
**0800 40 40 020**
እዚ ናይ ሓገዝ ተሌፎን ኣብ ጸገም ናይ ዝወደቓ ነፍሰ ጾራት እሞ ጥንሰን ክሰትርኦ እንተ ደልየን ብዘይ ክፍሊት ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ምኽሪ ይህብ እዩ ።

**ፖሊስ 110**
ኣብ እዋን ሓደጋ ናብ ፖሊስ ደውሊ ! ፖ`ሊስ ክከላኸለልኪ እዩ ።



ምኽሪ እንተ ደኣ ደሊኺ ናብቶም ኣብ ጸገምኪ ክሕግዙኺ ዝኽእሉ ፣ ምኽሪ ዝህቡ ኣካላት ወይ ቤት ጽሕፈት ክትከዲ ኣለኪ  ።

- እዚ ምኽሪ ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ኮይኑ ብዘይ ገለ ክፍሊት እዩ ።
- እተን ወሃብቲ ምኽሪ ተርጓማይ ውን የምጽኣልኪ እየን ።
- እቲ ዝወሃብ ምኽሪ ብስቱር እዩ ፣ ስምኪ ንማንም ኣይንገርን እዩ ።
- እተን ወሃብቲ ምኽሪ ካባኺ ዝሰምዕኦ ኩሉ ንኻልእ ሰብ ክነግራ ሕጊ ኣይፍቀደለንን እዩ ።

እዘን ምኽሪ ዝወሃበለን ኣብያተ ጽሕፈት ንስደተኛታት ደቀንስትዮ ኣብ ምኽሪ ምሃብን ምሕጋዝን ተሞክሮ ዘለወን እየን ።

ኣብ ገዝኦን ንዝተዓመጻን ኣብ ካልእ ግዜ ተዓሚጸን ዝነበራን ስደተኛታት ደቀንስትዮ ምኽሪ ንህብ ኢና።
ሕክምና ኢንተርኩልቱረል
**ተሌፎን 0681 373535**

ምኽሪ ነተን  ብሓይሊ ንኽምርዓዋ ዝተገደዳ ኣዋልድን ኣንስትን ።
ስደተኛታት ደቀንስትዮ ምኽሪ ዝረኽባሉ
**ተሌፎን 0800 16 11 111**

ምኽሪ ነተን ኣብ ኣመንዝራነት ንኽዋፈራ ዝተገደዳ ደቀንስትዮ ኣልዶና ዝተመዝገበ ማሕበር.
**ተሌፎን 0681 373631**

ኣብ ውሽጢ ሓዳር ግፍዕን ጾታዊ ዓመጽ ምስ ዘጋጥም ፣ ተወሰኽቲ ወሃብቲ ምኽሪ ትካላት ኣለዋ ።

ናይ ደቀንስትዮ ናይ ህጹጽ ጻውዒት ዛርላንድ -  ምኽርን ( ከምኡ ውን ሓገዝ ) ጾታዊ ዓመጽ ምስ ዘጋጥም ፣
**ተሌፎን 0681 36767**

ምኽርን- ስጉምቲ ምውሳድን ትካል፣ ኣብ ውሽጢ ሓዳር ግፍዒ ንዝወረደን ደቀንስትዮ (ኤስካኤፍ)
**ተሌፎን 0681 3799610**

ኔለ - ምኽሪ ኣብ ልዕሊ መንእሰያት ደቀንስትዮ ንዘጋጥም ጾታዊ በደል
**ተሌፎን 0681 32058**

ጎነጽ ወይ ዓመጽ ምስ ዘጋጥመኪ እሞ ንዓኽን ንደቕኽን ውሑስ ዝኾነ መዕቆቢ ምስ እትደልዩ ፣ ኣብ ውሑስ ዝኾነ ናይ ደቀንስትዮ ገዛ ክትከዲ ትኽእሊ ኢኺ። ኣበይ ከም ዘለኺ ማንም ሰብ ኣይፈልጦን እዩ ።

ኣቮ - ደቀንስትዮ ዝዕቆባሉ ገዛ ኖይንኪርሸን
**ተሌፎን 06821 92250**



ኣቮ- ደቀንስትዮ ዝዕቆባሉ ገዛ ሳርልዊ
**ተሌፎን 06831 2200**

ኣቮ - ደቀንስትዮ ዝዕቆባሉ ገዛ ሳርብሩከን
**ተሌፎን 0681 991800**

ኣብዚ ገዛ እዚ ደቀንስትዮ ብመንገዲ ቤ/ጽሕፈት ጉዳይ መንእሰያት ውሑስ ዝኾነ መዕቆቢ ይረኽባ ።

ኤሊዛቤት-ትሲልከን-ሃውስ
**ተሌፎን 0681 910270**

## ማንም ሰብ ኣብ ልዕሌኺ ዓመጽ ከካይድ ኣይግብኦን እዩ !

ደቀንስትዮ ኣብዚ ናይ ምንባር መሰለን ኣይንፈጋን እየን እቲምንታይ ሓገዝ ይሓታ ስለ ዘለዋ ።

ንእንገብሮ ሓገዝ ኩሉ ተቐበልዮ !



ሓበሬታን ሓገዝን ዛርላንድ ፣
www.gewaltfrei.saarland.de